ኣብ ዓዲግራት ሓፈሻዊ ሆስፒታል ግልጋሎት ዝኸውን ናይ መድሓኒትን ሕክምና ናዉትን : ናይ ሕትመት ኣቅሑት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ዕድጊት ክፍፅም ይደሊ ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥቅምቲ 24, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 7, 2011 8:15 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ዓዲግራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 7, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ መድሓኒት ምህርቲ/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/ ጥዕና ተንከፍ አቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ናይቲ ዝወዳደርሉ ዘፈር ንግዲ ናይ 2011 ዓ/ም ንግዲ ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ ኣብ እዋን ጨረታ ዝክፈተሉ ኦርጅናል ሐደ ኮፒን ዘቅርብ

2 ብንግዲ ስራሕ ዝተሰማረየ ምካኑ ዝተዉሃቦ መፍለዩ ቁፅሪ ኣብ እዋን ጨረታ ዝክፈተሉ ኦርጅናልን ሐደ ኮፒን ዘቅርብ

3 ኣብ ናይ መንግስቲ ግዝኢት ንምስታፍን ዝተዉሃቦ ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ ናይ መቅረብቲ ካርዲ /ሰርተፊኬት ጨረታ ኣብ ዝከፈተሉ እዋን ሐደ ዋናን ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል

5 ናይቲ ዝወዳደረሉ ንግዲ ዘርፊ ናይ ቫት ተመዝጋቢ ክከዉን ከም ዘለዎን ኣብ እዋን ጨረታ ዝክፈተሉ ኦርጅናል ሐደ ኮፒን ዘቅርብ

6 ኣብ ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ እንተሃሊይዎ ናይ በዓል ዋና ናይ መረጋገፂ ፌርማ ከቅመጠሉ አለዎም እነተዘይሃሊዩዎ እቲ ኣይተም/ ንብረት ካብ ዉድድር ወፃኢ ይከዉን

7 ናይ መድሓኒት ሕክምና ናዉትን

8 ናይ መድሓኒትን ሕክምናን ናዉትን መኽበሪ ጨረታ ብስፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ 35000 /ሳለሳን ሓሙሽተን ሽሕ ቅርሺ/ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከቅርብ ዝክል

9 ናይ ሕትመት ኣቅሑት ጨረታ መከበሪ ብስፕኦ ወይም ብጥረ ገንዘብ ጥራሕ ኮይኑ 5000 ቅድም ጨረታ ምክፋቱ ከቅርብ ዝክእል

10 ጨረታ ሰነድ መግዝኢ 200 ብምክፋል ብምዉሳድ ካብ ዕለት 23/02/2011 ዓም ጀሚሩ ክሳብ 7/03/2011 ካብ ዓዲግራት ጀነራል ሆስፒታል ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስ ምምሕዳር ንብረትን ጨረታ ሰነድ ወሲድኩም ዋጋ ብትክክል መሊኦም ንዑኡ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ኦርጅናልን ኮፒን ብፖስታ ዓሺጎም ኣብ ዓዲግራት ጀነራል ሆስፒታል ኣብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ከእትዉ አለዎም

9 ተጫራታይ ዝሰዓሮ ንብረት እቲ ጨረታ ሰዓራይ ምኂኑ ካብ ዝፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣብ ዉሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ናብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዓዲግራት ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምም ንብረትን ብአካል ቀሪቡ ዉዕሊ ይኣስር

10 ከይዲ እቲ ጨረታ ቅሬታ እነተሃልይዎም ጨረታ ዉሳነ ካብ ዝረከበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ 3 ተከታተልቲ መዓልቲ ጥራሕ ናብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ቅሬትኡ ብፅሑፍ ከቅርብ አለዎ
11 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 200 ቅርሺ ብምክፋል ካብ 23/01/20110/ም -07/03/2011ዓ/ም ካብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ዓዲግራት ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምም ንብረትን ሰነድ ጨረታ ወሲዱ ዋጋ ብትክክል መሊኦም ንዑ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ዋናን ቅዳሕን ብፖስታ ዓሺጎም ክእትዉ ይክእሉ

12 ሰዓራይ ንዝሰዓሮ ንብረት ጠቅላላ ዋጋ 10% ዉዕሊ መኽበሪ ብጥረ ገንዝብ ወይ ብስፒኦ ክትሕዝ ዝክእል ናይቲ ዝሰዓሮ ንብረት ናይ መጓዓዝያ ይኹን ናይ መፅዓኒ መራገፊን ወፃኢ ባዕሉ ሸፊኑ ብኣካል ኣብ ዘለዎ ፅሬቱ ዝተረጋገፀ ናብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዓዲግራት ከቅርብ ኣለዎ።

13 ተጫራታይ ካብቲ ናይ ትግራይ ዕድጊት መምርሒ ወፃኢ ዝኮነ ናይ ግዜ ገደብ ሂቡ እንተወዳዲሩ ሰዓራይ ኣብ ዝኮነሉ በቲ ናይ ዕድጊት መምርሒ ዝተኣናገደሉ ምኻኑ ፈሊጡ ናይ ባዕሉ መምርሒ ከቀምጥ ከምዘይብሉ እንተቀመጠውን ተቀባልነት የብሉን።

14 እቲ ጨረታ 07/03/2011 ዓ/ም ዓት 8:15 ተዓሺጉ ሰዓት 8:30 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዓዲግራት ከ/ስ/ፋይ/ዕ/ንብ/ምምሕዳር ይክፈት

መተሓሳሰቢ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0344-452201 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle